# መምርሒ ነዚ ናይ ዑቕባ ደገፍ ናይ ይግባይ ፕሮጀክት (ASAP) ክትፍርመሉ/ምሉ ዘሓቱኻ/ኺ ዘለዉ መግለጺ

ኣብ እግባይካ/ኪ ክንሕግዘካ/ኪ እንተድኣ ኮይንና ነዚ ናይ መግለጺ ቅጥዒ’ዚ ክትፍርመሉ/ምሉ ግድን እዩ። ነዚ ቅጥዒ'ዚ ብምፍራምካ/ኪ ከኣ፡ ነቲ ወረቓቕትኻ/ኺ ንኽንርእዮ ፍቓድ ትህበና/ብና ኣለኻ/ኺ ማለት እዩ። ወረቓቕትኻ/ኺ ኣቐዲምና ከነንብቦ እንተዘይ ክኢልና፡ ክንሕግዘካ/ኪ ኣይንኽእልን ኢና። ወረቓቕትኻ/ኺ ሓንሳብ ምስ ኣንበብናዮን ምሳኻ/ኺ ምስ ተማያየጥናሉን ከኣ፡ ምሳኻ/ኺ ብሓባር ኮይንና ኣብ ቤት ፍርዲ ክንውክለካ/ኪ ንረብሓኻ/ኺ ድዩ ወይ ባዕልኻ/ኺ ነብስኻ/ኺ ወኪልካኪ ምቕራብ ይሓይሽ ምኳኑ ክንውስን ንኽእል።

ብተወሳኺ፡ ነተን ኣብ ትሕቲ ክታምካ/ኪ ዝርከባ ክልተ ሳጹን ከተመልክተለን/ትለን ክንሓተካ/ኪ ኢና። ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ከኣ ክትገብር ትኽእል፡-

- ካብቶም ሳጹናት ዋላ ኣብ ሓዲኦም ኣይተመልክት/ቲ (ዋላ’ውን ከምኡ እንተጌርካ/ኪ እውን፡ ሎሚ ክንሕግዘካ ኢና)
- ንኽልቲኦም ሳጹናት ኣመልክተለን/ትለን
- ሓንቲ ሳጹን ጥራሕ ኣመልክት/ቲ (ቀዳመይቲ ወይ ካልኣይቲ )

ነቲ ቀዳማይ ሳንዱቕ ከተመልክት/ኪ ንሓተካ/ኪ ዘለና ምኽንያት ከኣ፡ ንመጻኢ ክንራኸበካ/ኪ ኣድላዪ ኮይኑ ምስ እንረኽቦ፡ ክንራኸበካ/ኪ ፍቓድ ክትህበና/ብና ማለት እዩ። ንመብዛሕትኦም ዓማዊልና ኣይንራኸቦምን ኢና። እንተተራኺብናዮም ከኣ፡ ንኸምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል፡

- ንኣገልግሎታትና መልሰ-ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ከኣ
- ይግባይካ/ኪ ምስ ሰዓርካ/ኪ፡ ክሳብ ክንደይ ቅልጡፍ ሓገዝ ከምዝረኸብካ/ኪ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ከኣ
- ካልእ ምኽንያት

ነቲ ካልኣይ ሳጹን ከተመልክት/ቲ ንሓተካ/ኪ ዘለና ምኽንያት ከኣ፡ ኣሰራርሓና ንኸነመሓይሽ ክሕግዘና፡ ንመጻኢ ድማ ንኻልኦት ሓተትቲ ዑቕባ ብዝበለጸ ክንሕግዝ ንኽንክእል እዩ።

ናትካ/ኪ ይግባይ ንናትካ ናይ ሕጅን መጻእን ናይ ዑቕባ ሓገዝካ ዘይትንክፎ እንተኾይኑ፡ **ጥራሕ** ኢና ከም ኣብነት ጌርና ኣብቲ ምስ ሆም ኦፊስ (Home Office) እንገብሮ ርክብ እንጥቀመሉ። ንሕና ሆም ኦፊስ (Home Office) ንገለ ሰባት ድጋፍ ብጌጋ ከምዝነጸጉ እንተፈሊጥና፡ ኣብቲ ውሳነ ምሕላፍ ንኽመሓየሹ ኣብነታት ናይ ዝገበሩዎ ጌጋታት ብምቕራብ ዓይነት ናይ ኣሰራርሓኦም ከመሓይሹ ምስኦም ሓቢርና ንሰርሕ ኢና። እዚ ከኣ ንኹሎም ንብድሕሪ ሕጂ ዝመጽኡ ሓተትቲ ደገፍ ዑቕባ ንምሕጋዝ እዩ።

**Asylum Support Appeals Project, Studio 11/12, Container City Building,**
**48 Trinity Buoy Wharf, London, E14 0FN**
**tel: 020 3716 0284 | fax: 020 3716 0272 | www.asaproject.org**
**email: referrals@asaproject.org.uk**
**Company registered in England and Wales number 04763838 | Registered charity number 1105625**
**For more information about how we use your data, please read our Privacy Notice: www.asaproject.org/privacy**